Tigrinja

# ንዝሓሸ ጽባሕ SV ኣድምጹ!



SV

# ንዝሓሸ ጽባሕ SV ኣድምጹ!

ሓደ ካብቲ ዓቢ ነገር ብዛዕባ ኖርወይ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ትሑት ደረጃ
ቁጠባዊ ዘይምዕሩይነት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ግን ገለ ነገር ተቐይሩ
እዩ። ዘይምዕሩይነት ዓብዩ እዩ። ቀድሚ ሕጂ ኣብ ኖርወይ ከምዚ ሎሚ
ብዙሓት ቢልዮነራት ተራእዮም ኣይፈልጡን እዮም። ማዕረ ማዕሪኡ ህይወት
ንመብዛሕትኦም ሰባት ኣዝዩ ከቢድ ኮይኑ ኣሎ።

ኩሉ ዝኸበረ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ተራ ኣታዊ ዝተመርኮሰ ተራ ህይወት ምንባር ካብ’ቲ
ቀድሚ ሕጂ ዝኸበደ እዩ።

ማሕበራዊ ዘይምዕሩይነት ክንቅንስ ዘለና ኣዝዩ ኣድማዒ መሳርሒ ንጠለባት ሰባት
መሰረታዊ ደገፍ ዘረጋግጽ መንግስቲ (welfare state) እዩ። ግን ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ
እዩ ዘሎ። ክንከላኸለሉ ጥራይ ዘይኮነስ - ከነደልድሎን ከነስፍሖን እውን ይግባእ።
SV ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፡ መዋእለ ህጻናትን ንኹሉ ሰብ ሆስፒታላትን ልዑል ጽሬት
ዘለዎ ኣገልግሎት ከረጋግጽ እዩ፡ ነቲ ስራሕ ንምፍጻም እኹል ሰራሕተኛታት ዘለዎ።
ናይ ህጻናት ጥቕሚ ክውስኽ ንደሊ፣ ኩሉ ቆልዓ ኣብ መዋእለ ህጻናት ክሳተፍ ከም
ዝኽእል ነረጋግጽ፣ ንኹሉ ድማ ነጻ ክንክን ስኒ ውሕስነት ክንህብ ከም እንኽእል
ከነረጋግጽ።

ተፈጥሮኣዊ ሃዋህው ኖርወይ ብዓቢ ደረጃ ይዓኑ ኣሎ። ማዕረ ማዕሪኡ ድማ
ዓለምለኻዊ ቅልውላው ክሊማ የጋጥመና ኣሎ። ኖርወይ መሪሕነት ሒዛ እጃማ
ክትገብር ኣለዋ። ሓደስቲ ናይ ነዳዲ ሜዳታት ምኽፋት ኣቋሪጽና ሕጂ ንስራሕ፡
ብዙሕነት ህይወት ንምሕላውን ሰባት ተፈጥሮ ንምርካብን ስጉምቲ ክንወስድ
ኣለና።

SV ምስቶም ብኹናትን በደልን ዝተጎድኡ ደው ይብል። ኣህጉራዊ ሓገዝ ንምዕባይ፡
ካብ ግጭት ንዝሃድሙ ሰባት ንምድጋፍ ንሰርሕ፡ ንኹሉ’ቲ ኣብ ልዕሊ ዲሞክራሲ
ዝፍጸም መጥቃዕቲ ድማ ንኹንኖ – ከም’ቲ ኣብ ኣመሪካ ኣብ ትሕቲ ዶናልድ
ትራምፕ ዝረኣናዮ። ንነጻ ፍልስጤም ዝግበር ቃልሲ ፈጺምና ኣይከነቋርጾን ኢና፣
ምስ ዩክሬናውያን ድማ ኣብ ቃልሶም ንናጽነት ደው ንብል።

ትሰማምዑ ዲኹም? ክሳብ 8 መስከረም SV ኣድምጹ!

**Sosialistisk Venstreparti**
Møllergata 4, 0179 Oslo
21 93 33 00
post@sv.no
sv.no

**Bli medlem i SV her:**